# ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፣
# ወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትና ንምንታይ?

እዚ ኣልዒልናዮ ዘሎና ሕቶ እዋናውን ቅኑዕን ምላሽ ዝጠልብ እዩ። ምኽንያቱ ብውሳኔ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ መሰረት፡ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ክንኣቱ ተሪፎምና ዘለዉ ኣዋርሕ ውሑዳት እዮም። ንሃገራዊ ጉባኤ ክካየድ ዝጸንሐ ቅድመ-ምድላው ኣብ ከባቢ መወዳእታ ጫፍ ዝበጽሓሉን፡ በቲይን-በቲይን ኣብ'ቲ ወሳኒ ዝኾነ ናይ ውክልና ሕቶ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ዝለዓሉሉ እዋን እዩ። ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብጽፈትን ብብቕዓት ኣዳሊኻ ብዘተኣማምን ዓወት ናይ ምዝዛም ሕቶ ንደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝኾኑ ህዝብታት ኤርትራን ሓይልታት ተቓውሞን ኣዝዩ ወሳኒ ዕማም ምዃኑ ማንም ዝዝንግዖ ኣይመስለናን። ነዚ ኣልዒልናዮ ዘሎና መሰረታዊ ሕቶ ናብ ምምላስ ቅድሚ ምእታውና፡ ናብ'ዚ ዘብጸሐ ድሕረ ባይታ ምድህሳስ ጠቓሚ እዩ።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ን20 ዓመታት ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልሲ፡ ን30 ዓመታት መሪር ብረታዊ ተጋድሎ ኣብ ዘካየዱሉ ናይ ቃልሲ እዋናት ዓቕምታቶም ኣብ ምውህሃድ ብዙሕ ፈተነታት ሓሊፎም'ዮም። ፈለማ መሪሕነት ጀብሃ ዓባይ ካብ ድሑር መስፍናዊ ኣተሓሳስባን ኣብ መጻኢት ኤርትራ ስልጣን ናይ ምብሓት ሕማሙ ዝፈጠሮ ሽግር፡ ንዓቕምታት ደላዪ ነጻነት፡ ብግቡእ ጠርኒፉን ኣወሃሂዱን ክመርሕ ብዘይምብቅዑ ምፍንጫል ክገሃድ ኮይኑ። ብሽም ደሞክራስያዊ ምእራም፡ ካብ ጀብሃ ዝተነጸለ ተበላጺ ንኡስ ብርኾዋ ጉጅለ ኢሳይያስ ድማ፡ ንሕማም ጀብሃ-ዓባይ ብካልእ መልክዕ ቀዲሑ፡ ንጀብሃ ብድሕረት እናኸሰሰ፡ ንባዕሉ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ስልጣን ብዘይተወዳዳሪ ንምግባት ዝዓለመ ውዲታት ምእላም ቀጸለ። ብሓደ ወገን ንድኹም ጎድንታት መሪሕነት ጀብሃ እናተበለጸ ንምፍራሳ ከይሰልከየ ክዓዪ እንከሎ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ኣብ ውሽጡ ዝቕልቀሉ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓሳት ዝተፈላለዩ ኣስማት እናለጠፈ ብምቕንጻልን ብምጽጻይን፡ ካብ ሜዳ ጀሚሩ ናይ ሓደ ዕሉል ውልቀ-ሰብ ልዕልነትን ዝናን እናሰበኸ ናብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዝሓኹረሉ ኩነታት እዩ እናመድመደ ዝመጸ።

ኣብ ጽባሕ ውድቀት ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ፡ መሪሕነት ህ.ግ. ንመስርሕ ሪፈንደም፡ ካብኡ ዝተፈለየ ፖሎቲካዊ እምነታት ዘለዎም ሃገራውያን ውድባት ዘዳቕቐሉ፡ ንባዕሉ ድማ ፖሎቲካዊ ስልጣን ብዘይ-ተወዳዳሪ ብሒቱ ጎልቢቱ ዝወጸሉ ሓደገኛ ስልቲ ተኸተለ። ናይ ህዝብታትና ዓሚቕ ፍቕሪ ሃገር መዝሚዙ፡ ነቲ ኣብ መስርሕ ሪፈንደም ዝተኸተሎ ጸረ ደሞክራስያውን ኣግላልን ኣከያይዳ፡ ሻሕጣይ ብዝኾኑ መብለጭለጭቲ ጭርሖታት ክኽውሎ ጻዕርታት ኣካየደ። ስለዝኾነ'ውን መስርሕ ሪፈረንደም ብመሪሕነት ህ.ግ. ተባሒቱ ተሰላሰለ። ኣብ ጽባሕ ሪፈረንደም፡ ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ነጻ ምንቅስቓስ ክንፈቅድ ኢና ዝብል ሻሕጣይ መብጽዓ ጠሊሙ፡ ህ.ግ. መጻኢ ተስፋን ምዕባለን ኤርትራ ዝኾነ ብሕታዊ ሓይሊ ምዃኑ ክሰብኽ ጀመረ። ሃገራውያን ፖሎቲካዊ ሓይልታት፡ ብዝተፈላለዩ ምስምሳት፡ ነጻ ምንቅስቓስ ናይ ምክያድ ዕድሎም ከምዘይፍቀድ ብተግባር ጋህዲ እናኾነ ከደ። እቶም ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተጠቐመሎም ስልትታት፡ ኣብ ፖሎቲካዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ **"ናይ ግዳም ሓይልታት መሳርሒ ዝኾኑን ትሕቲ ሃገራውነት ዝኾኑ ውድባትን ብነጻ ክንቀሳቐሱ ኣይፍቀድን" ብዝብል ኣዋጅ** እዩ። ብርግጽ ብበሓቲ ፖሊሲታት ዝምራሕን ስልጣን ብሓደ ውልቀ-ሰብ ኣብ ዝተገበተሉ ውድብ፡ ዝተፈለየ ጽቡቕ መጻኢ ኤርትራ ምጽባይ ዝከኣል ኣይነበረን። ሃገራውያን ፖሎቲካዊ ሓይልታት እምነታቶም ብነጻ ናብ ህዝብታት ክዝርግሑ ፈጺሙ ኣብ ዘይፍቀደላ ሃገር ድማ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ክኽበር ማለት ዘይሕለም እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንህዝብታት ኤርትራ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ከም ግኡዝ ኣቕሓ እናንከላበቶምን እናገዝኦምን ጸኒሑን ዘሎን። ሕሉፍ ሓሊፉ ህዝብታትና ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተቓሊዖም ከምዝርከቡ ንኹሉ ከም ጸሓይ ቀትሪ ኮለል ኢሉ ይረአ ኣሎ።

ኣብ እዋን ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ ጀብሃ-ዓባይ ዝነበሩ፡ ካብ ፈለማ ሰማንያታት ዝተፈናጨሉ ውላዳት ጀብሃ ዓባይ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ውድባትን፡ ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት ናብ ደምበ ተቓውሞ ዝተቐልቀሉ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ኤርትራን ንዲክታቶርያዊ ኣገዛዝኣ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብምቅዋም ቃልሲ ቀጺሎም እዮም።

ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ሓደ ግቡእ ኣትኩሮት ዘድልዮ ጉዳይ ምህላዉ ምግንዛብ የድሊ። ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ኣገዛዝኣ ኢሳይያስ ዝካየድ ተጋድሎ ካብ'ቲ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዘካየድናዮ ተጋድሎ ብመሰረቱ ዝተፈለየ ምዃኑ እዩ። ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝሓዝናዮም ናይ ቃልሲ ስትራተጂታትን መተግበሪ ዝኾኑ ስልትታት ይኹኑ ናይ ቃልሲ ጥበባት ከምዘለዉዎ ተቐዲሖም ኣንጻር ስርዓት ኢሳይያስ ምውዓሎም ዘይከኣል ምዃኑ እዩ። ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ህ.ግ. ዝማዕበለ ክቱር ጽልኢ፡ ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምምጻእ ኣብ ዝካየድ ተጋድሎ ብቑዕ ዕጥቂ ክኸውን ፈጺሙ ኣይክእልን። ብድሑር ሃይማኖታውን ኣውራጃውን ስምዒታት ተኣኻኺብካ ስርዓት ኢሳይያስ ምውጋድ ዘይሕሰብ ምዃኑ እዩ። ብሓጺሩ ኩሎም እቶም መሪሕነት ህ.ግ. ባዕዳዊ መግዛእትን ተወዳደርተይ ዝበሎም ሃገራውያን ሓይልታት ንምውጋድ ዝተኸተሎምን፡ ነጻነት ሃገር ብምዕታር ፖሎቲካዊ ስልጣን ንበይኑ ክብሕት ዘብቅዖም ስትራተጂታትን ስልትታትን፡ ተመሊሶም ንዕኡ መእለዪ ኮይኖም ከገልግሉ ኣይበቕዑን እዮም። ዓሚቕ ፍቕሪ ሃገር ተጎልቢቡ፡ ህዝቢ ኣብ ጎድኑ ኣዕሲሉ ነጻነት ኣብ ምምጻእ ዝመርሐ ኤርትራዊ ሓይሊ ንምእላይ፡ ብኹሉ ናይ ቃልሲ መለክዒታት ካብኡ ንላዕሊ በቒዕካ ምርካብ ግድንን ኣማራጺ ዘይብሉን ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። በዚ መንጽር ጉዕዞ ሓይልታት ተቓውሞና ምስ እንምልከት፡ ርኡያት ሕመቓትና ኮለል ኢሎም ክረኣዩና ዘጸግም ኣይመስለናን።

ኣብ ላዕሊ ብሓጺሩ ክቕመጥ ከምዝተፈተነ፡ ካብ ሓይልታት ተቓውሞ እቶም ዝበዝሑ ብሕብረ ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ዝቃለሱ ዘለዉ ሓይልታት፡ ኣብ እዋን ነጻነታዊ ተጋድሎና ሃገራዊ ጉቡኦም ኣብ ምፍጻም ዝተዋስኡ ምዃኖም እንትርፊ

ኢሳይያስን ህግደፍን ካልእ ማንም ዝኸሕዶም ኣይኮኑን። ዝተረፉ ብብሄራዊ ይኹን ብሃይማኖታዊ መልክዕ ዝተወደቡ ሓይልታት ድማ ብሰንኪ ፋሽስታውን ጨቋንን ስርዓተ ኣገዛዝኣ ኢሳይያስ ዝተፈጠሩ ምኽኖም ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። እዞም ብዝተፈላለዩ መልክዕ ተወዲቦም ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ክቃለሱ ዝጸንሑን ዘለዉን ውድባት፡ ኣብ ናይ 20 ዓመታት ተጋድሎኦም፡ ሰፊሕ ህዝባዊ መሰረት ከየጥረዩ ዝጸንሑ ምኽኖም ድማ ዘካትዕ ኣይኮነን። ህዝብታት ኤርትራ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ካብ ተራ መርገም ሓሊፎም፡ ከም መግለጺ ተቓውሞኦም፡ ካብ ዝፈትዉዋን ከቢድ ዋጋ ከፊሎምላ ነጻነት ዘጎናጸፉዋ ሃገሮም እናገደፉ ንስደት ክነፍጹ ይረኣዩ ኣለዉ። ናይ ህዝብታትና ሰፊሕ ዋሕዚ ስደት ከም ናይ'ዚ እዋን'ዚ ቀንዲ መግለጺ ተቓውሞ ምኻኑ እንክንርኢ፡ ክነልዕሎም ዝግባኣና ኣገደስቲ ሕቶታት ኣለዉ።

ብሰንኪ ጨቋንን ግዕዙይ ስርዓተ ምሕደራ ኢሳይያስ ህግደፍ ዝተሳቐዩ ህዝብታትና፡ ስደት ቀንዲ መፍትሒ ጸገማቶም ፈጺሙ ከምዘይከውን ሕርሕራይ ገይሮም ከምዝግንዘቡ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ሃገሮም መሰረታዊ ደሞክራስያዊ ለውጢ ክንናጸፉ ዝትምነዩ ህዝብታት ኤርትራ፡ ስደት ከም ህጹጽ መፍትሒ ህሉው ጸገሞም ገይሮም ይወስዱዎ ምህላዎም ግን፡ ሱቕ ኢሉ ካብ ሰማይ ዝወረደ ወደቓ ኣይኮነን። ወይ ድማ እቲ ንሃገሮም ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓራ ክገብሩ ዝነበሮም ጅግንነት፣ ተወፋይነትን ናይ ቃልሲ ጽንዓትን ስለዝተጸንቀቐም'ውን ኣይኮነን። ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ወሳኒ ብጽሒቶም ዕሽሽ ኢሎም፡ ለውጢ ብጻዕሪ ካልኦት ክመጸሎም ስለዝተተምነዩ'ውን ፈጺሙ ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ካልእ እዩ።

ውጹዓት ህዝብታት ብጨቆንቲ መንግስታቶም ዝወርዶም ዘይተኣደነ ግፍዕታት ንዝተወሰኑ እዋናት ናይ ምጽዋር ተኽእሎ ከምዘለዎም ዘካትዕ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር፡ ግዕዙይ ስርዓት ምምሕዳርን ገደብ ኣልቦ ምዝመዛን ጭቆናን መንግስታት ኣብ ዓንቀሮም ምስ በጽሐም ኣንጻሩ ምልዓሎም ከም ዘይተርፍ ታሪኻዊ ሓቂ እዩ። ህዝብታት ኣንጻር ወጻዕቶም ዘከይዱዎ ቃልሲ ብዘይተወደበን ብፍኑውን ኣገባብ እንተኾይኑ፡ ዝኸፍኦ ከቢድ ዋጋ ከም ዘኽፍሎምን፡ ናብ ዝኸፍአ ተስፋ ምቑራጽን ርእሲ ምድናንን ከምዘውድቖም ታሪኽ ቃልስታት የምህረና። ስለዚ ህዝብታት ኣንጻር ጨቆንቶም ዘልዕሉዎ ዓመጽ ይኹን ዝተናውሐ ተጋድሎ፡ ብዘተኣማምን ዓወት ክዛዘም እንተኾይኑ፡ ናይ ብቑዕ መሪሕ ውድብ ሕቶ ዘይትካእ ተራ ይህልዎ። ሰፊሕን ወሳንን ተሳትፎ ናይ ህዝብታትን፡ ናይ ብቑዕ መሪሕ ውድብ ተራን ዘይተኻኻሉ፡ ውህደቶም ድማ ውድቀት ጨቆንቲ ናይ ግድን፡ ዓወት ውጹዓት ድማ ዘተኣማምን ከምዝኸውን ኣየጣራጥርን። እዞም ክልተ ኣገደስቲ ናይ ዓወት ረቛሒታት ክምለሱ እንተዘይክኢሎም ድማ፡ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ዘውርዱዎ ኩሉ-መዳያዊ ወጽዓን ጭቆናን ክመርርን ዕድመ ገዛእቲ ድማ ክነውሕ ናይ ግድን እዩ። ብመንጽር'ዞም ኣብ ላዕሊ ዘቕመጥናዮም መሰረታዊ መዐቀኒታት፡ ንዝሓለፉ 20 ዓመታት ጸረ-ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ተጋድሎና ምልስ ኢልና ምስ እንፍትሾ፡ ዝነበሩናን ዘለዉናን መሰረታዊ ሕጽረታት ንምግንዛብ ኣይክንጽገምን ኢና።

ህዝብታት ኤርትራ ኩሉ መዳያዊ ጭቆና ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ መሪሩዎም ደሞክራስያዊ ለውጢ ካብ ዝናፍቑ ልዕሊ 10 ዓመታት ኮይኑ ኣሎ እንተበልና ቃለ-ኣጋኖ ኣይኮነን። ዕድመ ሕጽኖት መሪሕነት ህ.ግ. ኣብቂዑ **"ኤህ፡ በታ ዝመጻኹማ የጥፍእኩም"** ዝብል ናይ ህዝብታትና መርገም ክዘንቦም ካብ ዝጀምር ማለት እዩ። **"ሓደሽቲ ስለዝኾኑ ተሞኩሮ ስለዘይብሎም እዮም፤ ጊዜ ሃቡዎም"** ዝብል ናይ ህዝብታትና ናይ ምድንጋጽ ምኽሪ ኣብቂዑ፡ **"ኤህ እዞም ርጉማት"** ክብሎም ካብ ዝጀምርን፡ ካድራትን መራሕትን ህ.ግ. ንዝወርዶም መርገም እናሰምዑ፡ **"ኣይ ንህ.ግ. መርገም ደኣ መፍቶታ እንድዩ"** እናበሉ፡ ነቲ ዝዓበዩሉን ዝተኾስኮሱሉን፡ ናይ ሜዳ ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስያውን ባህርያቶም ብዘይምሕረት ከምዝቕጽሉሉ ናይ ይበተኹ መልሲ ምሃብ ልምዶም እናኾነ ካብ ዝመጽእ ማለት እዩ። ህግደፋውያን ፖሎቲካዊ ስልጣን ዓቲሮም ኣብ እንግድዓ ህዝብታት ኤርትራ ካብ ዝስቀሉ፡ እቲ ብብደዐን ብጭካነን ዝብሉዎ ካብ ምትግባር ንሓንቲ መዓልቲ'ኳ ኣብኰሮም ኣይፈልጡን። ፖሎቲካዊ ስልጣኖም ንምሕላው ዝመረጹዎ ኣንፈት ስለዝኾነ፡ ባህርያቶም ዝዓደሎም እዩ'ሞ ዘገርም ነገር ጌርካ ዝውሰድ ኣይኮነን። እቲ መሰረታዊ ሕቶ ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና ናይ መሪሕ ውድብ ብቕዓት ኣማዕቢሎም፡ ህዝብታት ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምርግጋጽ ወሳኒ ተርኦም ክጻወቱ ዝበቕዑሉ ኣመራርሓ ክህቡዶ ጸኒሖም ዝብል እዩ። እቲ መፍትሒ ዘይረኸበን ኣዝዩ ዘቖንዙ ፍሽለትና ድማ ኣብ'ዚ እዩ ዘሎ።

ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና፡ ብናይ ማዕዶ ተዓዘብቲ'ውን **"ኣንታ እዚኦም'ሲ ቀዳማይ ጸላኢ'ምበርዶ ኣሎዎም እዩ"** ዝብል ሕቶ ከልዕሉ ክሳብ ዝገብሮም ኣዝዩ ዘሕንኽ ኣካውና ወዲቕና ምህላውና ኣይከሓድን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሞንጎ ሓይልታት ተቓውሞና ዘለዉ ካልኣዊ ፍልልያት ቀዳማይ ቦታ ሒዞም ከናቑሩናን ክፈናጭሉና ዕድመና ነብሊ ብምህላውና እዩ። ናይ ህዝብታትና እምነት ከሲርና፡ ሞራሎም ክወድቁን ብዕድሎም ከማርሩን ንገብሮም ምህላውና እዩ። ካብ ዝሓለፉ ተሞኩሮታትና ተማሂርና፡ ንህሉውን መጻእን ኩነታት ዝበቅዕ ስትራተጅን ስልትን ኣብ ምሕንጻጽ ስለዘይበቓዕና ኢና። ገና ኣብ ዝሓለፉ ድሑራት ተሞኩሮታትና ንነብር ብምህላውና እዩ። ብዛዕባ ህልውን መጻእን ብግቡእ ምልላይ ስኢንካ ኣብ ሕሉፍ ደንበርበር እናበልካ ምንባር እንተኾይኑ፡ ብናይ ህዝብታት ወሳኒ ተሳትፎ ደሞክራስያዊ ለውጢ ምምዝጋብ ዝበሃል ዘይሕሰብ እዩ። ኣብ ቃልሲ ዝጸናሕካሉ ዕድመ እናቖጸርካ ምንባር ኣብ ቅድሚ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ምስ ሓድሽ ወለዶ ድማ ብፍላይ፡ ማይን ጸባን ኮይንካ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምቅላስ ዕንቅፋት ከምዝኸውን ምግንዛብ የድሊ። ስለዚ እቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ብሩህ ሓቂ፡ ህዝብታት ኤርትራ ንጨቋኒ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምውጋድ ወሳኒ ተራ ክጻወቱ ዘኽእሎም ብቑዕ ኣመራርሓ ኣይረኸቡን። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህዝብታት ኤርትራ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓተ ምሕደራ ኢሳይያስ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ዝተሳጥሑሉ ኩነታት ፈጢጡ ይረኣ ኣሎ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ናይ 20 ዓመታት ዕድመ-ስልጣኑ ካብ ናይ ባዕሉ ጸረ ደሞክራስያውን ጸረ ሰላምን ባህርያቱ፡ ንፖሎቲካዊ ስልጣኑ ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ተርእዮታት ብሓደ ሸነኽ፡ ጽቡቕ ናይ ቃልሲ ኩነታት ንሓይልታት ተቓውሞ ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ እናተኸሰቱ መጺኦም እዮም። ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝፈጸሞ መጠነ ሰፊሕ ወራር፡ ከቢድ ስዕረት ተጎምጊሙ፡

ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ከድሕን ኣቐዲሙ ዝተሓሰሞ ስምምዕ ሰላም ክቕበል ናብ ኣልጀርያ ዘበዘብ ክብልን 25 ትርብዒት ኪ.ሜ ልኣላዊ ግዝኣት ሃገርና ንሰላም ኣኽባሪ ባዕዳዊ ሓይሊ ብምርካቡ ዝተጎልበቦ ሰፍ ዘይብል ውርደት ከም ኣብነት ዝጥቀስ እዩ። ብተወሳኺ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ካብ ትምክሕተኛን ብዱዕን ባህርያቱ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ምዝራግ ውራየይ ኢሉ ስለዝተታሓሓዞ፡ ብባይቶ ጸጥታ፡ ብታሕሳስ 2009 ዝተበየኖ ማዕቀብ፡ ካልእ ጽቡቕ ናይ ቃልሲ ኣጋጣሚ ጌርካ ዝውሰድ እዩ። እንተኾነ ግን ሓይሊ ተቓውሞና ነዞም ወርቃዊ ናይ ቃልስን ለውጥን ዕድላት ብግቡእ ጸንፊፉ ኣብ ረብሓ ህዝብታትና ከውዕሎም ኣይበቕዐን። እነሆ ሎሚ’ውን ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዘራጊ ሰላም ባህርያቱ ደው ከብል ብዘይምኽኣሉ ንተወሳኺ ማዕቀብ ክሳጣሕ ይኸውን ኣሎ። ኮታስ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ናይ 20 ዓመታት ናይ ስልጣን ዕድሚኡ፡ ላዕሊ-ላዕሊ እናረኣየን እናዘለለን፡ ግን ድማ ብውሽጡ እናሞሸሞሸ፡ ንውድቀት እናተሳጥሐ ይኸይድ ምህላዉ ኮለል ኢሉ ይረአ ኣሎ። ሓይልታት ተቓውሞና ኸ? እምነት ህዝብታትና ስሒቦም፡ ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ምቹእ ናይ ቃልሲ ዕድላት፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምምዝጋብ ብቕዓቶምን ቅሩብነትምን ክሳብ ክንደይ እዩ ምስ እንብል፡ እንረኽቦ መልሲ ኣዝዩ ዘሕፍር እዩ። እቲ ምኽንያት እንታይ እዩ እንተኢልና፡ ሓይልታት ተቓውሞና ኣብ ዘራኽቡዎም መሰረታዊ ዕላማታት ዓቕምታቶም በብደረጅኡ ኣዋሃሂዶም፡ ንህዝብታትና ኣብ ጎድኖም ከቃልሱ ዘይበቕዑ ምህላዎም እዮም። እዚ፡ ክውንነት’ዚ ኣብ’ዞም ዝሓለፉ 20 ዓመታት ኣብ ሓይሊ ተቓውሞና ዝጸንሐን ዘሎን መሰረታዊ ሕጽረት ኣጉሊሁ ዘርኢ እዩ። ይፈቶ ይጸላእ፡ ክሳብ ሎሚ ኣብ ሓይሊ ተቓውሞና፡ ይትረፍዶ ብውልቀ ውድብ፡ ብደረጃ ጽላል ተጠርኒፎም’ውን ዓቕሚ ህዝብታትና ዘወሃህድ እምነት ዝንበረሉ ናይ ቃልሲ ዕዮ ኣብ ምብርካት መንፍዓት ኣይወነኑን። ናብ ብዙሕ ኮለል ከይኣተና፡ ተሞኩሮ’ቲ ልዕሊ 10 ዓመታት ዘሕለፈ ጽላል ተቓውሞ ሃምኤ/ኤዲኪ ባዕሉ እኹል ምስክር እዩ። ስለዚ እቲ ክሳብ ሎሚ ዘሎ ክንክሕዶ ዘይብልና ሓቂ፡ ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ደሞክራስያዊ ቃልስና ወሳኒ ተሳትፎኦም ከረጋግጹ ዘብቅዖም ብቑዕ ኣመራርሓ ስለዘይረኸቡ፡ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ተቓውሞና እምነት ከንብሩ ዘይከኣሉ ምህላዎም እዩ። እዚ ኩነታት’ዚ ምስ’ቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ካብ ባህርያቱ ነቒሉ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትናን ሃገርናን  እናውረዶ ዝኸይድ ዘሎ ዕንወት ኣዛሚድካ እንክረአ ህሉው ኩነታትና ኣዝዩ ዘስግእ ክኸውን ይገብሮ ኣሎ።

ካብ’ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ኣንጸላልዩ ዘሎ ከቢድ ናይ ብርሰትን ምብትታን ሓደጋ ብዘላቕነት ንምድሓን፡ ብቕዳምነት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምውጋድ ከምዘድሊ ኣብ ሕቶ ዝኣቱ ኣይኮነን። ናብ’ዚ ደረጃ’ዚ ንምብቃዕ ድማ፡ ህዝብታትና ወሳኒ ተርኦም ዝጻወትሉ፡ ሓይሊ ተቓውሞ ድማ ናይ ምምራሕ ተርኡ ብብቕዓት ዘረጋግጸሉ ኩነታት ክፍጠር ክኽእል ኣሎዎ። እዚ ሓቂ’ዚ ድማ በቲ ዝለመድናዮ ባህልን ዝመጻናዮ ኣንፈትን ብህጹጽ ክንምልሶ ከምዘይንኽእል ባዕሉ ጉዕዞ ቃልስና ሕርሕራይ ገይሩ ትምህርቲ ሂቡና ኣሎ።

ብኩራት ወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትናን ናይ ብቑዕ መሪሕ ውድብ ሕቶን መሰረታዊ ሕጽረታትና ኮይኖም የሳቕዩና ምህላዎም ብእኩብ ከም ሓይልታት ተቓውሞ ዘለልና ካብ ከባቢ ቅድሚ 10 ዓመታት ጀሚሩ’ዩ እንተተባሃለ ሓቂ እዩ። ስለዝኾነ እዩ ድማ፡ ጭርሖ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ነዚ መሰረታዊ ሕጽረት’ዚ ናይ ምፍታሕ ዕላማ ሒዙ ዝተላዓለ። ብርግጽ እዚ ጭርሖ’ዚ ሓቀኛ መልእኽቱ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለጹ መሰረታዊ ሕጽረታት ደሞክራስያዊ ቃልስና ንምፍታሕ ዝዓለመ’ኳ እንተነበረ፡ ብትምክሕታውን ጸቢብን ሒሳባት መራሕቲ ሓይልታት ተቓውሞ፡ ኣብ ትሕቲ’ዚ ህዝባዊ ጭርሖ’ዚ ተሓቢኦም፡ ውልቃውን ውድባውን ሒሳባቶም ከማልኡ ክብሉ ዕንክሊል እናበለ ክጸንሕ ገይሮሞ እዮም። ድሕሪ ክንደይ ኮለልን ሓሸውየን፡ ንፈለማ እዋን ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክካየድ ዝተወሰነ ኣብ’ቲ ሲቪክ ማሕበራትን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝተሳተፉዎ ብግንቦት 2008 ዝተሰላሰለ ሓድነታዊ ጉባኤ ኤዲኪ እዩ ዝነበረ።

ኣብ ”ሓድነታዊ” ጉባኤ ኤዲኪ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ናይ ምድላው ሓላፍነት ዝተሸከመ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን እዩ። ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ከም ሰፊሕ ጽላል ተቓውሞ፡ ነዚ ከቢድ ሃገራዊ ዕማም’ዚ ክሽከም ሓላፍነት’ኳ እንተተዋሃቦ፡ ነናይ ባዕላቶም ፖሎቲካዊ ዕላማታትን ዝተፈላለዩ ሒሳባትን ዘለዎም ውድባት ዝሓቖፈ ጽላል ብምዃኑ፡ ነዚ ታሪኻዊ ዕማም’ዚ ብብቕዓትን ብጽፈትን ኣዳልዩ፡ ህዝባዊ መሰረቱ ዝጸንዐ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ናይ ምድላው ብቕዓቱ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምዘይነበረ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ብተግባር ድማ፡ ኣብ ኣቃውማ ኣሰናዳዊት ሽማግለ፣ ኣብ ምድላው ምርኽ ሾፕ፣ ምድላው ንድፍታትን ኣውኻኽላ ተሳተፍቲ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ብዝተራእዩ ዓበይቲ ሕጽረታት፡ ብሃገራዊ ዋዕላ ክብጻሕ ዝነበሮ መደምደምታ ክሰጋገርን፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ከም ሰፊሕ ዓውዲ ዘተ ኮይኑ ከገልግል፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ድማ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክጋባእ ተወሰነ። ነዚ ዕማም’ዚ ብብቕዓት ዘዳሉ፡ ተዋጽኦ ኩሎም ተሳተፍቲ ሃገራዊ ዋዕላ ዝሓለወ፡ ሃገራዊ ኮምሽን ብምቛም ከምዝተዛዘመ ድማ ዝፍለጥ እዩ። ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተዋሃቦ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብብቕዓት ናይ ምድላው ዕማም፡ ብግቡእ ክፍጽም ዘይምኽኣሉ፡ ናይ መሪሕነቱ ርኡይ ናይ ብቕዓት ድኽመት መግለጺ ምዃኑ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል’ኳ እንተኾነ፡ ካብ መላእ ዓለም ዝተወጻጽኡ 330 ኤርትራውያን ኣብ ሓደ ኣዳራሽ ኮፍ ኢሎም ክዛተዩን፡ ጉዳዮም ኣብ ዝለዓለ መድረኽ ሃገራዊ ጉባኤ መዕለቢ ክረክብ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ክበጽሑ ሰፊሕ ዓውዲ ዘተ ምፍጣሩ ክምስገኑሉ ዝግባእ ኣወንታዊ ጎድኑ ምዃኑ ድማ ክከሓድ ኣይግባእን።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ከዳሉ ዝተዋሃቦ ከቢድ ሓላፍነት፡ ካብ ኣግላልን ጸቢብን ሒሳባት ተገላጊሉ፡ ብሰፊሕ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ተመሪሑ፡ ብጽፉፍ ቅድመ ምድላው፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ሃገራዊ ዋዕላ እንተዘዳሉ፡ ዓሚ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ምድላው መደብ ምሕንጻጽ ኣድላይነት ኣይምነበሮን። ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘጽደቖም ሰነዳትን ዝሓንጸጾም ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን ንምትግባር፡ ኣብ ትሕቲ ዝቖመ መሪሕነት ተማእኪልና፡ ብዝተወሃሃደ ብናይ ህዝብታትና ወሳኒ ተሳትፎን ኣወንታዊ ተራ ሓይልታት ተቓውሞናን ደሞክራስያዊ ቃልስና ናብ ዝበረኸ ደረጃ ነሰጋግረሉ ኩነታት ምተፈጠረ ነይሩ። እንተኾነ ግን ነዚ ዕድል’ዚ ኣይበቓዕናን። እቲ ምኽንያት ስዉር ኣይኮነን። ንሒፍና ክንሓልፎ ዘሎና’ውን ኣይኮነን። ሓባእ ቁስሉ ሓባእ ፈውሱ ስለዝኾነ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ኣባላት ውድባት ኤዲኪ፡

ነዚ ታሪኻዊ ሓላፍነት'ዚ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም ብብቕዓት ክመርሑዎ ብዘይምብቀየም ዝተኸሰተ ጸገም እዩ። መሪሕነት ኤዲኪ ድማ ነዚ ሓቂ'ዚ ከዊሉ ክኽውሎ ዘይከኣለ ድኽመቱ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ምቛም ሃገራዊ ኮምሽን፡ ዓብላሊ ብጽሒት ክህልዎ ዘካየዶ ጻዕሪ ኣይተዓወተን። ሃገራዊ ኮምሽን መቐጸልታ ኤዲኪ ክኾውን ዝነበሮ ድልየት'ውን ኣይሰመረሉን። ኤዲኪ ከም ሰፊሕ ጽላል ተቓውሞ፡ በዝሒ ወከልቱ ኣብ ሃገራዊ ኮምሽን፡ ካብ በዝሒ ወከልቲ ህዝብን ሲቪክን ንታሕቲ ክኸውን ተቐቢሉ ክወጽእ ኮይኑ እዩ። እዚ ሓቂ'ዚ ዘረጋገጾ ነገር እንተሃልዩ፡ ኤዲኪ ከም መሪሕ ሰፊሕ ጽላል፡ ተቐባልነት ዘይምርካቡን እምነት ዘይተነበረሉ ምኽኑ እዩ። ብርግጽ እዚ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ዋጋ ድኽመቱ ክቕበሎ ዝግባእ ኪሳራ ኮይኑ፡ ኤዲኪ ካብ ድኽመታቱ ተማሂሩ ብብቕዓት እንተተቓሊሱ፡ ንዝቦኸረ እምነት ህዝብታትና ከሐድሶ ኣይክእልን ማለት ኣይኮነን።

ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተመረጸ ሃገራዊ ኮምሽን፡ ብተዛማዲ ዝሓሸ ተዋጽኦ ዝሓለወ ብምኻኑ፡ ካብ ኣሰናዳዊት ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ፍሉይ ከም ዝገብሮ ዘካትዕ ኣይኮነን። ተሓታትነቱ ንሃገራዊ ዋዕላ፡ ጸብጻቡ ድማ ንሃገራዊ ጉባኤ ዘቕርብ ነጻ ኣካል ኮይኑ ብምቛሙ፡ ንዝተዋሃቡዎ ዕማማት ብዘይ ግልጽ-ምልጽ ንምፍጻም ኣሃዱ ኢሉ ክጅምር ዓብይ ዕድል ረኺቡ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን፡ ካብ ድኽመታት ቅድመ ምድላው ሃገራዊ ዋዕላ ግቡእ ትምህርቲ ረኺቡ፡ ነብሱ ወዳዲቡ፡ ዕማማቱ ኣነጺሩ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብጽፈትን ብብቕዓትን ከዳሉ ወፈሩ'ዩ። ክሳብ ሎሚ'ውን ዓበይቲ ዕማማት ኣሰላሲሉ ኣሎ። ኣብ ህዝብታትና ብዛዕባ ቅድመ ምድላው ሃገራዊ ጉባኤ ሓበሬታታት ከስንቕ ሰፊሕ ኅስንሳት ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን። ህዝብታትና ኣብ ምዕዋት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ተርኦም ብስፍሓትን ብንቕሓትን ከበርክቱ ዘተሓባብሩዎም ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ናይ ህዝቢ ሽማግለታት ኣማሪጹ። ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ቀሪቦም ዝጸድቁ ንድፍታት ኣቐዲሙ ኣዳልዩ፡ ናብ ህዝብታትና ንነጻ ክትዕን ምይይጥን ብዝተፈላለዩ መሳለጥያታት ዘርጊሑ ኣሎ። እዚ ኣንፈት'ዚ ህዝብታትና ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ነጻ ኮይኖም ክዝትዩን ናይ በዓል-ቤት ስምዒት ከማዕብሉ ዝገብር፡ ኣብ ምዕሟቕን ምምዕባልን ደሞክራስያዊ ባህሊ ህዝብታትና ኣገዳሲ ትርጉም ዘለዎ ወፍሪ እዩ።

ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ናይ ማዕዶ ተመልከቲ ኮይኖም፡ ''ዝተባሃለካ ጥራሕ ትፍጽም'' ብዝብል ቀጢን ህግደፋዊ መምርሒ ኣእምሮኦም ን20 ዓመታት ዝተቐየዱ ህዝብታትና፡ ብዛዕባ መጻኢኦም ክውስኑ ዘብቕዑዎም ኣገደስቲ ሃገራዊ ኣጀንዳታት ዝሓዙ ሰነዳት ብነጻነት ክመያየጠሎም መድረኽ ምርካቦም፡ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ክሰጋገሩ ምጅማሮም ዘማላኽቱ እዮም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ መጻኢኦም ትስፉው ምኻኑ ክግንዘቡ ከምዘኽእሎም ምርዳእ የድሊ። እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ደሞክራስያዊ መስርሕ ብግቡእ ተኸናኺንካ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝበጽሓሉ ኩነታት ምፍጣር ድማ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።

ህዝብታትና ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝጸድቁ ንድፍታት ኣቐዲሞም ክመያየጡን ርእይቶታቶም ከፍስሱሎምን ዝተዋሃቦም ዕድል፡ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ተረኺቦም ብድምጾም'ውን ከረጋግጹዎ ምግባር የድሊ እዩ። እዚ ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ፡ ነቶም ኣብ ፖሎቲካዊ ውድባት እምነት ስኢኖም፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ጓና ኮይኖም ዝጸንሑ ህዝብታትና፡ ምስ ሓይልታት ተቓውሞ ተቐራሪቦም ዝቃለሱሉ ጥጡሕ ኩነታት ክፈጥር እዩ። ህዝብታትና ምስ ሓይልታት ተቓውሞ ተወሃሂዶም ዝቃለሱሉ መንፈስ ምትእምማን ምፍጣር ማለት ድማ፡ ንሰፊሕ ጽላል ይኹን ንነብሲ ወከፍ ውድብ ከምዝጠቅምን፡ ብቐንዱ ድማ ደሞክራስያዊ ቃልስና ናብ ዝበረኸ ደረጃ ዝሰጋገረሉ ወሳኒ ዕድል ምስፋሕ ማለት እዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ኣብ 2ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ብዛዕባ ውክልና ህዝብታትና ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ 60%(300) ድምጺ ክኸውን ክውስን እንከሎ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐሰ መሰረታዊ ሓቂ ብምልላይ እዩ ንብል።

ብወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትና ዝተጸምበለን ብቑዕ ኣመራሓ ሓይልታት ተቓውሞ ዝረኸበ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዝተበገሰሉ ዕላማታት ካብ ምዕዋት ዝገትኦ ሓይሊ ከምዘይብሉ ዘጣራጥር ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትና ንምርግጋጽ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ይግባእ። ውድብና ሰደግኤ፡ ከም ወትሩ፡ ብሰፊሕን ንቑሕን ተሳትፎ ህዝብታትና ጽፉፍ ቅድመ ምድላው ዝተኻየደሉ፡ ናይ ህዝብታትና ግቡእ ውክልና ዘረጋገጸ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል ብዓቕሙ ኣበርቲዑ ክጽዕት እዩ።

**ቤት-ጽሕፈት ዜናን ባህልን፡**
**ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ፡**
03 ነሓሰ 2011